# ንተሓዋወስ ዘመን ክምለስ
# ቀሪቡዩ ህግደፍ ክፍደስ

ንሰማማዕ ካብትን ካብዝን ከይተጸበና
ኣይንደቅስ ንተንስእ ንዕጠቕ ባዕልና
ካብ ውልቀ ሰባት ኣይኹን ትጽቢትና
እትባ እዚ ከይበልና ንፈትሸ ጉዳይና

ብኣሕ ኣሓ ኣይተረአን ሃገሩ ዘድሓነ
መን ኣሎ? ብሃገሩን ህዝቡን ዘይሓዘነ
ብዘይካ ብህግደፍ ተመሪዙ ዝጨከነ
ግዜ ኣይንቕተል ቀኒዕና ብህጹጽ ንዛነ
ይገለጽ ዋዓል ሕደር ዘድልዮ ከምዘይኮነ

ኤሪትራዊ ዘጋ ካብ ጥንቲ ሃገሩ መሰፍቀረ
ከምዚ ሎሚ ብዘይረብሕ ስርዓት ከይሰኸረ
ብስብከት ዲክታቶር ሓንጎሉ ገና ከይተቐየረ
ሓቀኛን ፍትሓውንዩ ነይሩ ጅግና ባዓል ስረ

እንተ ናይ ሎሚ ኣየ ክንሕሱ ክንፈርሕ
ኩሉ ተበላጺ ንጹህ ተሳኢኑ ሓደ ምኩሕ
ኣነ ንሃግረይ ህዝበይ ኢሉ ተጊሁ ዝሰርሕ
ካብ ቁኑዓት በዚሕና ነገር ነሳውር ነባልሕ

ንኸይትቃለስ ዝፈራሕካ ወይ ዝተሰከፍካ
ዘረባና ስማዕ ከም ደቂ ሃገር ክንምዕደካ
ህግደፍ ሓቒቓያ ብውሽጣ ዘላ ከይመስለካ
መልሓስያ ተሪፉ መዐሸዊ ንገርሀኛ ከማኻ

ስለዚ ናብ ልብኻ ተመለስ ምስ ህዝብኻ
ተዘይ ደሊኻ ኣይትጸላእ ኣክቦ መልሓስካ
ደድሕሪ ቅቡጽ ስርዓት ምጉያይ ይኣኽለካ
ብሓቂ ተጓዓዝ ህግደፋዊ ስምዒት ጉሒፍካ

ህዝቢ ኣብ ጎነና ኣሎ እናሉ ዘጭበርበሩ
ረአዮ እንዳ ህግደፍ ንልቕሶ ሓዘን ተቐይሩ
ከይሰተዩ ሰኺሮም ብጭንቀት የዕገርግሩ
ተሳቕዮም ምንባር መሪጾም ሓቂ ከይነግሩ

| | |
|---|---|
| ጉርሑ | ከም ደቅ ሰብ ኩኑ ሕሰቡ ቁሩብባ |
| ሰቢሑ | ብሓሶት ዘረባ መልሓስኩም ሃጢሩ |
| ነነዚሑ | ህግደፍ ስኩኒስ ገጠር ዘይተባህለ |
| ከይትዝርግሑ | ጻማኹም ፋይዳይብሉን ኢ.ድ |
| በዚሑ | ኩልና ንጋገና ናትኩም ግን እምብዛ |
| ኣይትፍርሑ | ሎምስ ይኣክል ምትላል በልዎ |

ኤረና ኩሑሎ ሎም ዘመን ሓዲኡሎ

ብተስፋማርያም ወ/ጊዮርጊስ 16/03/08 ኖርወይ